# *ጽምብል በዓል ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቀንስትዮ ኣብ ከተማ ከለን ብዓወት ተዛዚሙ*

*ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቀንስትዮ ብዓል 8 መጋቢት ኣብ ከተማ ከለን ብዕለት 12.03.2016 “ማዕርነት ድርዒ ንነባሪ ልምዓት” ብዝብል ቴማ ብድምቀት ተኸብረ ።*

*መደብ ብዓል ብዝኽረ ስማእታት ተኸፍተ። ስዒቡ ኣደ ወንበር ማሕበር ወ/ሮ ልኡል ተወልደ ንተሳተፍቲ በዓል ናይ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም ምንዮት ብድሕሪ ብምቕራብ ፡ ኣብ ዝሃበቶ መግለጺ ፡ ናይ ሎሚ ዓመት 8 መጋቢት ኣብ ፉሉይ ሃገራዊ መድረኽ ፡ ማለት ኣብቲ ተጻባእቲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ዕብየትናን ምዕባለን ንምሕንኳል፡ ዝተፈላለዩ ሕሱር መደባት ብምውጣን ፡ ንልኡላውነትና ኣብ ዝፈታተንዎ ተንኮላት፡ እልሞታትን ጎጢይቲ መደባትን ብምምካንን ፡ ብጉልባብ ሰብኣዊ መሰል፡ ንምዕባለን ተራን ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራ ንምቁንጻብን ንምድዋንን ዘካይድዎ መሰረት ኣልቦ ጠቃኒ ዘመተታት፡ ብምፍሻልን ፡ ኣብ ሕቑፊ ህዝብናን መንግስትናን ማሚቑና፡ ርእስና ኣቕኒዕና ናብ ተስፋን ፍስሃን ዝመልኦ መጻኢ እናማዕደና ፡ ኩሉ መሰናኽሎ ተሰጊሩን ተበዲሁን፡ ሃገርና ኣብ ትሕቲ ጽላል ናጽነት፡ ርብዒ ዘመን ጉዕዞ ኣሰላሲላ፡ ብሩራዊ እዮቤልዩኣ ብድምቀት ኣብ እትጽምብለሉ ኣጋጣሚ ምህላዉ'ዩ ፍልዩነቱ በለት። እምብኣርከስ ዕብየትን ምዕብልና ሃገርናን ንምርግጋጽን ፡ ማዕሪኡ ድማ ምዕሩይ ዕድላትን መሰላትን ደቂ-ኣንስትዮ ንምውሓስን፡ ተካእቲ ወለዶታት ዝሓሸ ዕድልን ብሩህ መጻኢን ንምውራስን ፡ መብጽዓና ብምሕዳስ ኣብ ዝቕጽል ቃልሲ፡ እጃማና ከነበርክት ናይ ነፍስ ወከፍ ኤርትራዊት ጓል ኣንስተይቲ ሓላፍነት ምዃኑ ኣስመረትሉ።*

*ቀጺሉ ብኣደ ወንበር ማሕበረኮም ከለን ወ/ሮ ቅዱሳን ገረዝጊሄርን ዋና ጸሓፊ ህ.ግ.ደ.ፍ. ከተማ ከለን ኣቶ ኣድሓኖም መረስዕን ፡ ንውዳበታቶም ወኪሎም ረዚንን ኣብ ዓለም መወዳድርቲ ንዘይብሉ ታሪኻዊ ቃልሲ ደቀ ኣንስትዮ ኤርትራ ዘምጻባርቕን ፡ ብፍላይ ድማ ኣባላት ሃማደኤ ከለን በቲ ኣብ ከተማ ከለን ዘካይድኦ ዕዙዝን ምስጉንን ዝኾነ ኣብነታዊ ንጥፈታትን ብምምልካት ፡ ንቓልሰን ዘተባብዕ ብጻይነታዊ ደገፎም ዝገልጽሉ መደረ ቀረበ።*

*ቀጺሉ ብሃ.ማ.ደ.ኤ. ከለን ተወደበ መዘነግዒ መደባትን እኽለማይን ንተሳተፍቲ ብምውሳእን ፡ ብወናማት ስነ ጥበባውያን ድምጻዊ መንእሰይ ካርተር ሰለሙንን ሰናይ ካሕሳይን (ብኪቦርድ) ዘቕረብዎ ዘይሕለል ባህላዊን ዘመንዊን ዜማታትን ብምዝንጋዕን፡ በቲ ብውህደት ኣባላት ሃገራውያን ውዳቤታት ከተማ ከለን ዝካየድ ዝነበር ምቕሉልን እንግዶትን ንጥፈታትን ሃገራዊ መንፈስ ዝዓሰሎ ጽምብል 8 መጋቢት ተኻይዱ።*

*ዕድመ ኣኽቢሮም ነቲ ኽቡር በዓል ንምጽንባል ዝመጹ ሃገራውያን ተሳተፍቲ ብብዝሒ ሕጻናትን መንእሰያትን ፡ ብዝተራእየ ሕጉስን ሓድነት ዝመልኦ ሃዋህውን ነቲ በዓል ፍሉይ ድምቀትን ምዓርግን ብምሃብ ፡ መደብ ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቀንስትዮ ኣብ ከተማ ከለን ብዓወት ተዛዚሙ።*

*ዕድመ ን8 መጋቢት ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቀንስትዮ!*
*ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና!*
*ዓወት ንሓፋሽ!*

*ሃገራዊ ማሕበር ደቂኣንስትዮ ኤርትራ ከለን*
*ዕለት 13.03.2016*